Seattle HOUSING AUTHORITY

Housing Choice Voucher Program

Address 190 Queen Anne Ave N
PO Box 19028
Seattle, WA 98109
Telephone 206–239-1728
TTY 1-800-833-6388
FAX 206-239-1770
Website www.seattlehousing.org

ናይ ኦንላይን ዕጫ ስርዓት ብምጥቃም፣ በዓልመዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ወይድማ ሲያትል ሃውሲንግ ኦሶሪቲ (SHA) ቅድም ክብል ሴክሽን 8 ተባሂሉ ዝፈለጥ ናይ ንዝነበረ ናይ መንበሪ ገዛ ናይ ምርጫ ቫውቸራት(ናይ ዕድል ቲኬት) ሓድሽ ናይ መጸበዩ ዝርዝር ኣብ ወርሒ ፌብርወሪ ክኸፍት እዩ። እዞም ቫውቸራት ትሑት እቶት ዘለዎም ሰባት ኣብ ሲያትል ካብ ዝርከቡ ወነንቲ ኣባይቲ ገዛ ክካረዩ ዘኽእሎም ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝህቡ እዮም።

ምዝገባ ናይቲ ሎተሪ ብኣቆጻጽራ ፓሲፊክ ካብ 8 ኤኤም ናይ ፌብሩዋሪ 6, 2017 ክሳዕ 5 ፒኤም ፌብሩዋሪ 24, 2017 ክፉት ይኸውን። **ካብ seattlehousing.org/waitlist – ወጻኢ ኣብ ካልእ መርበብ ሓበሬታ ክትምዝገቡ ኣይካልን እዩ። መመዝገቢ ነጻ እዩ። ገንዘብ ንኽትከፍሉ ምስ ዝሓቱኹም ፣ ኣብቲ ቅኑዕ መርበብ ሓበሬታ የለኹምን ማለት እዩ።**

ኣብቲ ክፉት እዋን መዓስ ተመዝኒብኩም ብዘየገድስ ናብቲ መጸበዩ ዝርዝር ናይ ምምራጽ ዕድልኩም ማዕረ እዩ። ምዝገባ ምስተዓጽወ፣ 3,500 ኣመልከትቲ ብዕጫ ናብቲ ናይ መጸበዩ ዝርዝር ክምረጹ እዮም።

ኣበይ ትነብሩ ብዘየገድስ፡ ዕድሜኹም 18 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይኑ፣ ወይድማ ብዘይ ቁጽጽር ወላዲ/ኣላዩት ክትነብሩ ዝተፈቅደኩም ምስትኾኑ ኣብቲ ሎተሪ ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ናይ ሲያትል ሃውዚንግ ኦቶሪቲ ወይ ኣባይቲ ንዝነብሩን ንዘይነብሩን ብዘየገድስ ምምዝጋብ ይፍቐደልኩም እዩ። ኣብቲ ሎተሪ ንኽትምዝገቡ ናይ ግድን ኣብ ሲያትል ክትነብሩ የብልኩምን፣ ይኹን እምበር ቫውቸር ክትቅበሉ እንተተመሪጽኩም እቲ ቫውቸር እንተውሓደ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ኣብ ሲያትል ክትጥቀሙሉ ኣለኩም።

ሓደ/ሓንቲ ኣመልካታይ ሪጋ በጺሕዎ/ዋ በቲ መጸበዩ ዝርዝር ክጽዋዕ/ክትጽዋዕ እንከሎ ጠቕላላ ናይ ስድራ ቤቱ/ቤታ እቶት 50 ሚኢታዊት ወይድማ ናይ ቦታ ማእከላይ እቶት (AMI) ክኸውን ኣለዎ። ኣብ 30 ሚእታዊት ወይድማ ዝተሓተ AMI ዝርከቡ ስድራቤታት ተመረጽቲ ክኾኑ እዮም። ናይ AMI ቻርት ኣብዚ http://www.seattlehousing.org/housing/vouchers/eligibility/ ክርከብ ይኽእል።

ካብ ሓደ ስድራቤት ሓደ ሰብ ጥራይ ሓደ ግዜ ክምዝገብ ይኽእል። ሓደ ሰብ ኣብቲ ሎተሪ ተመዝኒቡ/ባ ማለት ናይ መንበሪ ገዛ መሕተቲ ቅጽዒ ተእትው ኣለኻ/ኣላ ማለት ኣይኮነን። ብዕጻ ናብቲ መጸበዩ ዝርዝር እንተተመሪጽካ/ኪ፣ መሕተቲ ከመይ ከተእቱ ክምእትኽእል ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ክወሃበካ/ኪእዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ **seattlehousing.org/waitlist** ይርከብ። ካብ ፌብርወሪ 6, 2017 ጀሚርካ ኣብኡ ክትምዝገብ/ቢ ትኽእሉ ኢኹም። ኮምፒዩተር ክትጥቀሙ ዘይትክእሉ እንተኾንኹም፣ ወይድማ ሕቶታት እንተልይኩም፣ ብኽብረትካ/ኪ ናብ ናይ SHA መጸበዩ ዝርዝር መስመር ተሌፎን 206-239-1674 ድሕሪ ፌብርወሪ 6 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣድላዩ እንተኾይኑ ተርጎምቲ ክዳለዉልካ/ኪ እዮም።

Commissioners Deborah Thiele *Chair* Emily Abbey *Vice-Chair*
Ahmed Abdi Dr. Paula Houston David Moseley Zachary Pullin Jermaine Smiley

Executive Director
Andrew Lofton